
Public Health
Seattle & King County

# ሕማም ንፍዮ ክሳብ ክንደይ ተመሓላላፊ እዩ?




ጆ ኣብ ሲያትል እዩ ዝነብር። ኣብዚ ቀረባ እዋን ናብ ወጻኢ ሃገራት ተጓዒዙ ንሕማም ንፍዮ ተቓሊዑ።




ጆ ረስኒ ኣለዎ ከምኡውን ሕማም ይስምዖ። ሕማም ንፍዮ ከም ዘለዎ ኣይፈልጥን'ዩ።




ጆ ገና ሽፍታ የብሉን ድሮ ግን ኣዝዩ ኣመሓላላፊ ኾይኑ ኣሎ። ትንፋስ ከውጽእ ከሎ፣ ክዛረብ ከሎ፣ ክስዕል ከሎ ወይ ክህንጥስ ከሎ ኣብ ኣየር ቫይረስ ይለቅቕ።







ዋላ ጆ ምስ ከደ ፤ እቲ ቫይረስ ኣብ ኣየር ይፀንሕ። ኣብ ኣየር ክሳብ 2 ሰዓት ክጸንሕ ይኽእል። በቲ መጸበዪ ክፍሊ ዝሓልፍ ዝኾነ ሰብ ከስተንፍሶ ይኽእል እዩ።




ካብዞም ሰባት እዚኦም ሓደ እኳ ክታበት ኤምኤምኣር ([MMR] ክታበት ንፍዮ፣ ጽግዕን ሩብልን ወይከዓ ንፍዮ ጀርመንን) እንተዘይተኸቲቡን ዋላ ሓደ ሕማም ንፍዮ ሒዝዎ እንተዘይፈልጥን እንታይ ይፍጠር?

**ካብ 10 ሰባት 9 ሕማም ንፍዮ ይተሓዙ።**




ኩሎም ተኸቲቦም እንተዝነብሩ ግን?

**ብዓቢኡ ዝኾነ ሰብ ሕማም ንፍዮ ኣይምተታሕዘን።**

ክታበት ንፍዮ (MMR) ኣዝዩ ሓያል መከላኸሊ ይህብ። **2 ዓቀን መጠን ኣብ ምክልኻል ረኽሲ ኣስታት 97% ውጽኢታዊ እዩ።**

ተወሳኺ መጉልሒታት ወይከዓ መለዓዓሊታት ኣየድልየካን'ዩ ፤ ካብቶም ዓቀን መጠን ዝግበር መከላኸሊ ንዕድመ ምሉእ ይጸንሕ!



[kingcounty.gov/measles](kingcounty.gov/measles)

Tigrinya